T1

# “ኣብ ኤውሮጳዊ ሕብረት ዑቕባ ሓቲተ ኣለኹ፡ ኣየነይቲ ሃገር ኮን ትቕበለኒ ተኸውን?”



ክፍሊ ሀ

ዓለምለኻዊ ዑቕባ ንዝሓቱ ሰባት ዝተዳለወ ብዛዕባ ናይ ዳብሊን ሕጊ ዝምልከት ሓበሬታ፣ ብመሰረት ዓንቀጽ 4 ሕጊ (ኤውሮጳዊ ሕብረት) ቁ. 604/2013

ውሕስነት ክንህበካ ሓቲትካና ምኽንያቱ ብሰንኪ ግፍዒ፣ ኲናት ወይ ድማ ሓደጋ ከቢድ ጉድኣት ንገዛእ ሃገርካ ገዲፍካ ክትወጽእ ከምዝተገደድካ ስለትኣምን፡፡ ሕጊ ነዚ 'ዓለምለኻዊ ዑቕባ ንምርካብ ምምልካት/ምሕታት' ኢሉ ክጠቕሶ ኸሎ ንዓኻ ድማ 'ኣመልካቲ'፡፡ ዑቕባ ዝደልዩ ሰባት መብዛሕትኡ ግዜ 'ሓተትቲ ዑቕባ' ተባሂሎም ይጽውዑ፡፡

**ኣብዚ ዑቕባ ንምርካብ ብምሕታትካ ሕቶኻ ኣብዚ ንኽርአ ውሕስነት ዘውህብ ኣይኮነን፡፡ እታ ንሕቶኻ ትምርምር ሃገር ናይ ኤውሮጳዊ ሕብረት ብዝኾነ ሕጊ 'ዳብሊን' ብዝሰረቶ መስርሕ እዩ ዝውሰን፡፡ ብመሰረት እዚ ሕጊ፣ ሓንቲ ሃገር ጥራይ እያ ንሕቶኻ ክትምርምር ሓላፍነት ትወስድ፡፡**


እዚ ሕጊ ኣብ መላእ 32 ሃገራት ዝሓቁፍ ጂኦግራፊካዊ ዞባ ተግባራዊ ይኸውን ፡፡ ንዕላማ ናይዚ ሊፍለት (leaflet) ተባሂሉ፣ ነዘን 32 ሃገራት 'ናይ ዳብሊን ሃገራት' ('Dublin countries') ኢልና ሰሚናየን ኣለና፡፡

**ኣብዛ ሊፍለት ዘይትርድኦ ዝኾነ ሓሳባት ምስዝህሉ፣ ብኽብረትካ ንሰበስልጣናት ሕተት፡፡**

ዑቕባ ናይ ምርካብ ሕቶኻ ቅድሚ ምምላሱ፣ ንሕና ዲና ጉዳይካ ክንምርምሮ ሓላፍነት ንወስድ ዋላ ካልእ ሃገር እያ ሓላፍነት ትወስድ ክንውስን ኣለና - ነዚ ድማ 'መስርሕ ዳብሊን' ኢልና ንጽውዖ፡፡ ዑቕባ ናይ መሕተቲኻ ምኽንያት ነቲ መስርሕ ዳብሊን ዘገድሶ ጉዳይ ኣይኮነን፡፡ እቲ መስርሕ ናይ ዑቕባ ሕቶኻ ውሳኔ ናይ ምሃብ ሓላፍነት ዘለዋ ሃገር ኣየነይቲ እያ ንዝብል ሕቶ ጥራይ እዩ ዝርኢ፡፡

እዚ ተጻሒፉ ብናጻ ዝወሃብ ጽሑፍ (leaflet) ሓበሬታ ንምሃብ ጥራይ ዝዓለመ እዩ፡፡ ዕላምኡ ድማ ዓለምለኻዊ ዑቕባ ንምርካብ ንዘመልከቱ ሰባት ብዛዕባ ናይ ዳብሊን መስርሕ (Dublin procedure) ግቡእ ሓበሬታ ንምሃብ እዩ፡፡ ንሱ ንገዛእርእሱ ግን መሰላት ወይ ሕጋዊ ግቡኣት ዝህብ/ዝሕዝ ኣይኮነን፡፡ ብመሰረት ናይ ዳብሊን መስርሕ፡ ናይ ሃገራት መሰላትን ግቡኣትን ከምቲ ኣብ ዓንቀጽ (ኤውሮጳዊ ሕብረት.) 604/2013 (Regulation (EU) 604/2013) ተገሊጾም ዘለዉ እዮም፡፡

**©መሰል ኤውሮጳዊ ሕብረት : ቅዳሕ 2014**
**ምብዛሕ ፍቁድ እዩ። ንዝኾነ ምጥቃም ወይ ምብዛሕ ካብዚ ስእልታት ካብ ዝምልከቶ ኣካል ቀጥታ ፍቃድ ምሕታት የድሊ።**




እተን ሃገራት ዳብሊን ዝበሃላ ነተን 28 ሃገራት ኤውሮጳዊ ሕብረት የጠቓልላ ንሳተን ከኣ (ሃንጋሪ (HU)፣ ሆላንድ (NL)፣ ሊቱዌንያ (LT)፣ ላትቪያ (LV)፣ ላክሰምበርግ (LX)፣ ማልታ (MT)፣ ሮሜንያ (RO)፣ ስሎቫኪያ (SK)፣ ስሎቬንያ (SI)፣ ስዊድን (SE)፣ ስፔይን (ES)፣ ቆጵሮስ (CY)፣ ቡልጋርያ (BG)፣ ቤልጅም (BE)፣ ቼክ ሪፑፕሊክ (CZ)፣ ኢስቶኒያ (EE)፣ ኣየርላንድ (IE)፣ ኦስትርያ (AT)፤ ክሮኦሽያ (HR)፣ ዩናይትድ ኪንግደም (UK)፣ ዴንማርክ (DK)፣ ጀርመን (DE)፣ ግሪኽ (EL)፣ ጣልያን (IT)፣ ፈረንሳ (FR)፣ ፊንላንድ (FI)፣ ፖላንድ (PL)፣ ፖርቹጋል (PT)) ከምኡውን እተን ምስ ሕጊ ዳብሊን “ምትእስሳር” ዘለወን 4 ሃገራት (ሊክተንስታይን (LI)፡ስዊዘርላንድ (CH)፡ ኖርዌይ (NO) ከምኡውን ኣይስላንድ (IS)፡፡

## ንሕቶይ እትርኢ ሃገር ኣየነይቲ እያ ንምውሳን፡ ክንደይ ዝኣክል ግዜ ይወስድ?

## ሕቶይ ንኽምርመር ክንደይ ዝኣክል ግዜ ይወስድ?

ሰበስልጣናትና ናይ ዑቕባ ሕቶኻ ናይ ምውሳን ሓላፍነት ንወስድ ንሕና ክንከውን እንተወሲኖም፣ እዚ ማለት ኣብዚ ሃገር ክትጸንሕ ትኽእል ከምኡውን ሕቶኻ ኣብዚ ክምርመር ይኽእል ማለት እዩ፡፡ ድሕሪዚ ሕቶኻ ብዘይ ውዓል ሕደር ክምርመር ይጅመር፡፡

ሕቶኻ ናይ ምርኣይ ሓላፍነት ትወስድ ሃገር ካልእ ሃገር ክትከውን እንድሕር ወሲንና፣ መታን ሕቶኻ ኣብታ ካልእ ሃገር ክርአ ብዝተኻእለ መጠን ቀልጢፍና ናብታ ሃገር ክንሰደካ ኢና፡፡ **ኣብ ትሕቲ ንቡር ኩነታት** ናይ ዳብሊን መስርሕ **ዝወስዶ ጠቕላላ ግዜ፣** ናብታ ሃገር ክሳብ ትሰጋገር፣ **ክሳብ 11 ኣዋርሕ እዩ፡፡** ደሓር ናይ ዑቕባ ሕቶኻ ኣብታ ሓላፍነት ትስከም ሃገር ይርአ፡፡ ካብ ሰበስልጣናት ምስእትሕባእ፣ ምስእትሰር ወይ እትዳጎን፣ ወይድማ ነቲ ናይ ምስግጋር ውሳኔ ይግባይ ምስእትብል፣ እዚ ናይ ግዜ ሰሌዳ ዝተፈለየ ክኸውን ይኽእል እዩ፡፡ ኣብ ትሕቲ ሓደ ካብዞም ኩነታት እንተድኣለኻ፣ ኣየናይ ናይ ግዜ ሰሌዳ ከምዝምልከተካ ዝሕብር ውሱን ሓበሬታ ክወሃበካ እዩ፡፡ ኣብ ቤትማእሰርቲ እንተድኣ ተዳጕንካ ኣለኻ፣ መእሰሪኻ ምኽንያታት እንታይ ምዃኖም ከምኡውን ዘለካ ሕጋዊ መፍትሒታት ክንገረካ እዩ፡፡




©European Union

# እታ ሕቶይ ናይ ምምላስ ሓላፍነት ትወስድ ሃገር ብኸመይ ትውሰን?



©iStockphoto / Joe Gough

እቲ ሕጊ ሓንቲ ሃገር ሕቶኻ ናይ ምርኣይ ሓላፍነት ክትሰከም ዘግብርዋ ዝተፈላለዩ ምኽንያታት ይዝርዝር፡፡ እዞም ምኽንያታት ኣብ ቅድሚ ሕጊ ብዘለዎም ኣገድስነት ተሰሪዖም ይረኣዩ፤ መጀመርታ ብኣብ ናይ ዳብሊን ሃገር ዝነብር ኣባል ስድራቤት ኣለካን የብልካን፤ ቀጺሉ ሕጂ ወይ ኣብ ዝሓለፈ ግዜ ብናይ ዳብሊን ሃገር ቪዛ ወይ መንበሪ ፍቓድ ዝተዋህበካን ዘይተዋህበካን፤ወይ ድማ ናብ ዱብሊን ሃገር ወይ ብመገዲ ካልእ ናይ ዳብሊን ሃገር ብሕጋዊ ወይ ብዘይንቡር ኩነታት ተጓዒዝካ ኔርካን ኣይነበርካን፣ ብዝብሉ ሕቶታት ብምቅዳም ማለት እዩ፡፡

**ኣብ ካልእ ናይ ዳብሊን ሃገር ዝነብሩ ኣባላት ስድራቤት እንተሊዮሙኻ/ኺ ብዝተኻእለ መጠን ብቐልጡፍ ሓብረና/ ሓብርና፡፡** ብዓልቤትኪ፣ ብዓልቤትካ ወይ ውላድካ/ኪ ናይ ዑቕባ ሕቶ ዘመልከተ/ተት እንተኾይኑ/ና ወይ ድማ ኣብ ካልእ ናይ ዳብሊን ሃገር ዓለምለኻዊ ዑቕባ ዝተዋህበ/ባ እንተኾይኑ/ና፣ እታ ሃገር ናይ ዑቕባ ሕቶኻ/ኺ ናይ ምርኣይ ሓላፍነት ክትወስድ ትኽእል እያ፡፡

ዋላ'ኳ ብመሰረት ኣብ ናይ ዳብሊን ሕጊ ዝሰፈሩ መምዘኒታት ሕቶኻ ምርኣይ ሓላፍነትና እንተዘይኮነ፣ ሕቶኻ ኣብዛ ሃገር ንኽርአ ክንውስን ንኽእል ኢና፡፡ ሰብኣዊ መሰላትካ ክትጥሕስ ትኽእል እያ ኢልና ናብ ዝኣመናላ ሃገር ኣይክንሰደካን ኢና፡፡

## ናብ ካልእ ሃገር ክኸይድ ዘይደሊ እንተኾይነ ኸ?

ናብ ካልእ ናይ ዳብሊን ሃገር ንኽትስደድ ምስ ዝተዋህበ ውሳነ ኣይሰማማዕን እየ ናይ ምባል መሰል፣ ከምኡውን ነቲ ውሳኔ ኣብ ቤትፍርዲ ወይ መጋባእያ ጠጠው ኢልካ ክትሙጉት ተኽእሎ ኣለካ፡፡ ከምኡውን ይግባይካ ወይ ሕቶኻ ዳግማይ ክርአ ዘቕረብካዮ ጠለብ ውሳኔ ክሳብ ዝወሃቦ ኣብዚ ሃገር ንምጽናሕ ክትሓትት ትኽል ኢኻ፡፡

ናይ ዑቕባ ሕቶኻ ጠንጢንካ ናብ ካልእ ናይ ዳብሊን ሃገር እንተሰጊርካ፣ ናብታ ዝነበርካያ ሃገር ወይ ናብ ካልእ ሓላፍነት ትስከም ሃገር ከምትምለስ ናይ ምግባር ተኽእሎ ኣሎ፡፡

**ስለዚ ድሕሪ ናይ ዑቕባ ሕቶ ምቕራብካ፣ ክሳብ ናይ ዑቕባ ሕቶኻ ንምርኣይ ሓላፍነት ትወስድ ሃገር መን ምዃና ከምኡውን/ወይድማ ናይ ዑቕባ ሕቶኻ ኣብዚ ሃገር ንምርኣይ ዝምልከቱ ሕቶታት ውሳኔ ንህበሎም፣ ኣብዚ ሃገር ክትጸንሕ ኣገዳሲ እዩ፡፡**

**ብኽብረትካ ናብ ካልእ ሃገር ክንሰደካ ስለዘይትደሊ ካባና ክትሃድም ወይ ክትሕባእ ክትፍትን ትኽእል ኢኻ ኢልና ኢንተገሚትና፣ ኣብ መዳጎኒ (ዕጹው ቦታ) ከምትኣቱ ክንገብረካ ከምንኽእል ፍለጥ፡፡ ከምኡ እንተጌርና ድማ፣ ሕጋዊ ወኪል ናይ ምግባር መሰል ኣለካ ከምኡውን ካብ ምድኻን ንምድሓን ይግባይ ናይ ምባል መሰል ወሲኽኻ ብዛዕባ ዝህልዉኻ ካልኦት መሰለላት ብኣና ክሕበረካ እዩ፡፡**




## ስለምንታይ እየ ናይ ኣጻብዕተይ ዓሻራ ክህብ ዝሕተት ዘለኹ?

ናይ ዑቕባ ሕቶ ክተቕርብ ከለኻ ዕድሜኻ 14 ዓመት ወይ ካብኡ ንላዕሊ እንተኾይኑ፣ ናይ ኣጻብዕትኻ ዓሻራ ተወሲዱ ናብ 'ዩሮዳክ' ('Eurodac') ዝበሃል ናይ ዓሻራ ዳታቤዝ ይመሓላለፍ፡፡ **ኣብዚ መስርሕ እዚ ግድነት ክትተሓባበር ይግባእካ – ብሕጊ ናይ ኣጻብዕትኻ ዓሻራ ክትህብ ይግባእካ፡፡**

ናይ ኣጻብዕትኻ ዓሻራ ንጹር እንተዘይኮይኑ፣ ብደይመደይ ዓሻራ ከምዘይውሰድ ንምግባር ኣጻብዕትኻ እንተዕኒኻዮን ሓዊስካ፣ ኣብ መጻኢ ናይ ኣጻብዕቲ ዓሻራ ይውሰድ፡፡

ቅድሚ ሕጂ ዑቕባ ሓቲትካ ትፈልጥ ዲኻ ንምጽራይ ወይ ቅድሚ ሕጂ ኣብ ዶብ ዓሻራ ሂብካ እንተኔርካ ንምጽራይ፣ ናይ ኣጻብዕትኻ ዓሻራ ኣብ ውሽጢ ዩሮዳክ (Eurodac) ከምዝጻረ ይግበር፡፡ እዚ ድማ ኣየነይቲ ናይ ዳብሊን ሃገር እያ ናይ ዑቕባ ሕቶኻ ክትርኢ ሓላፍነት ትወስድ ንምውሳን ይሕግዝ፡፡

ብተወሳኺ ናይ ኣጻብዕትኻ ዓሻራ ኣብ ውሽጢ ከባቢ ሸንገን (Schengen) ዝተወሃቡ ቪዛታት ዝምልከት ሓበሬታ ዝሓዘ ዳታቤዝ ስርዓተ ሓበሬታ ቪዛ [Visa Information System (VIS)] ክጻረ እዩ፡፡ ናይ ካልእ ናይ ዳብሊን ሃገር ሓድሽ ወይ ናይ ቀደም ቪዛ እንተድኣ ኣለካ፣ ዓለምለኻዊ ዑቕባ ናይ ምርካብ ሕቶኻ ንኽርእ ናብኡ ክትስደድ ትኽእል ኢኻ፡፡

ናይ ዑቕባ መመልከቲ ስለዘእተኻ፣ ናይ ኣጻብዕትኻ ዓሸራ ብዩሮዳክ (Eurodac) ን10 ዓመት ክትሓዝ እዩ - ድሕሪ 10 ዓመት ግን ብኣውቶማቲካዊ መንገዲ (ባዕሉ) ካብ ዩሮዳክ (Eurodac) ይጠፍእ፡፡ ናይ ዑቕባ ሕቶኻ እንተተዓዊቱ፣ ናይ ኣጻብዕቲ ዓሻራኻ ክሳብ ብኣውቶማቲካዊ መንገዲ ዝድምሰስ ኣብቲ ዳታቤዝ ይጸንሕ፡፡ ናይ ሓንቲ ናይ ዳብሊን ሃገር ዜጋ እንተድኣኾንካ፣ ኣብቲ ዝኾንካሉ እዋን ናይ ኣጻብዕቲ ዓሻራኻ ይድምሰስ፡፡ ናይ ኣጻብዕቲ ዓሻራኻን ጾታኻን ኣብ ዩሮዳክ (Eurodac) ይዕቀብ – ስምካ፣ ስእልኻ፣ ዕለተ ልደትካን ዜግነትካን ናብ ናይ ዩሮዳክ (Eurodac) ዳታቤዝ ኣይለኣኽን እዩ፣ እንተኾነ ግና ኣብ ሃገራዊ ዳታቤዝ ክቕመጥ/ክትሓዝ ይኽእል እዩ፡፡

ኣብ ዩሮዳክ (Eurodac) ዝተሰነደ ንዓኻ ዝምልከት ሓበሬታ/ጭብጥታት እንተደሊኻ ኣብ መጻኢ ኣብ ዝኾነ ግዜ ክትሓተና ትኽእል ኢኻ፡፡ እቲ ጭብጥታት ግጉይ እዩ ወይድማ ክኽዘን የብሉን ኢልካ ትሓስብ እንተኾንካ፣ ንኽእረሙ ወይ ክድምሰሱ ሕቶ ከተቕርብ ትኽእል ኢኻ፡፡ **ኣብዚ ሃገር ጭብጥታትካ ናይ ምሓዝ (ወይ ምቁጽጻር) ሓላፍነት ዘለዎም ሰበስልጣናት ከምኡውን ናይ ጭብጥታት ሓለዋ/ዕቀባ ናይ ምክትታል ሓላፍነት ዝወሰዱ ዝምልከቶም ሰበስልጣናት ዝምልከት ሓበሬታ ኣብ [ገጽ 11] ክርከብ ይከኣል**

ዩሮዳክ (Eurodac) ብኢዩ-ሊሳ (eu-LISA) ዝበሃል ናይ ኤውሮጳዊ ሕብረት ወኪል እዩ ዝካየድ፡፡ ጭብጥታትካ ሕጊ ንዝእዝዞ ዕላማታት ጥራይ እዩ ምጥቃም ዝከኣል፡፡ ንጭብጥታትካ ዝቕበል እቲ ናይ ዩሮዳክ ማእከላይ ስርዓት (Eurodac Central System) ጥራይ እዩ፡፡ ኣብ መጻኢ ኣብ ካልእ ናይ ዳብሊን ሃገር ዑቕባ እንተሓቲትካ፣ ናይ ኣጻብዕቲኻ ዓሻራ ንኽጻረ ናብታ ሃገር ይልኣኽ፡፡ ኣብ ዩሮዳክ (Eurodac) ዝተቐመጡ ጭብጥታት ካብ ናይ ዳብሊን ሃገራት (Dublin countries) ወጻኢ ንዝኾነት ትኹን ካልእ ሃገር ወይ ትካል ኣይወሃቡን፡፡

ካብ ሓምለ 20፣ 2015 ጀሚሩ፣ ናይ ኣጻብዕቲኻ ዓሸራ ዓበይቲ ገበናትን ግብረሽበራን ንምክልኻል፣ ንምልላይን ንምምርማርን ዕላማ ዝውዕል ናይ ዩሮዳክ (Eurodac) ዳታቤዝ ዝጥቀሙ ብከም ፖሊስን ናይ ኤውሮጳዊ ቤትጽሕፈት ፖሊስን [European police office (Europol)] ዝኣመሰሉ ሰበስልጣናት ክፍተሽ እዩ፡፡

## ናይ ዑቕባ ሕቶይ እትርኢ ሃገር ኣብ እትፍለጠሉ ግዜ ዝህልዉኒ መሰላት እንታይ እዮም?

ናይ ዑቕባ ሕቶኻ ናይ ምምርማር ሓላፍነት ንስከም ንሕና እንተኾይና፣ ወይድማ ሓላፍነት ትስከም ሃገር ካልእ እንተኾይና ክሳብ ናብኣ ትሰጋገር፣ ኣብዚ ሃገር ናይ ምጽናሕ መሰል ኣለካ፡፡ ብተወሳኺ ናይ ነገራዊ/ንብረታዊ ኩነታት መቐበሊ ተጠቃሚ ትኸውን፣ ንኣብነት መጽለሊ፣ መግቢ ወዘተ.፣ ከምኡውን መሰረታዊ ክንክን ጥዕና (basic medical care) ከምኡውን ናይ ህጹጽ ኩነታት ሕክምናዊ ሓገዝ (emergency medical assistance)፡፡ ብዛዕባ ኩነታትካን ኣብ ደምበ/ግዝኣት ናይ ዳብሊን ሃገራት ዝርከቡ ኣባላት ስድራቤትካን ዝምልከት ሓበሬታ ብቃል ከምኡውን/ወይድማ ብጽሑፍ ሓበሬታ ክትህበና ዕድል ክወሃበካ እዩ፤ ሓበሬታ ኣብ ትህበና ግዜ ድማ ብናይ ኣደ ቋንቋ ወይ ብኻልእ ትመልኮ ቋንቋ (ወይድማ ኣድላዪ እንተኾይኑ ኣተርጓሚ ብምጥቃም) ክትህበና ዕድል ይወሃበካ፡፡ ብተወሳኺ ናብ ካልእ ሃገር ንምስግጋርካ ብዝምልከት ናይ ዝተወስደ ውሳኔ ቅዳሕ ብጽሑፍ ክወሃበካ እዩ፡፡ ብተወሳኺ ንዓና ከምኡውን/ወይድማ ኣብዚ ሃገር ንዝርከብ ቤትጽሕፈት ናይ ሕቡራት ሃገራት ላዕለዋይ ኮሚሽነር ስደተኛታት [United Nations High Commissioner for Refugees (UNHCR)] ክተዘራርብ መሰል ኣለካ፡፡

**ሕቶኻ ትምርምር ካልእ ሃገር ክትክውን ትኽእል እያ ኢልና እንተገሚትና፣ ብዛዕባ እቲ መስርሕን ንዓኻ ኮነ ንመሰላትካ ብኸመይ ይጸልወካ ዝምልከት ተወሳኺ ዝርዝራዊ ሓበሬታ ክወሃበካ እዩ፡፡**



## ናይ ርክብ ሓበሬታ፣ ብፍላይ፦

- ናይ ዑቕባ ሰበስልጣን ኣድራሻን ዝርዝር መራኸቢ ሓበሬታታትን፤
[Migrationsverket]
ኣድራሻ
601 70 Norrköping
0771-235 235

- ናይ ሰበስልጣን ሃገራዊ ምቁጽጻር (National Supervisory Authority) ዝርዝር ሓበሬታታት፤
ቤት ስልጣን ምቍጽጻር ኣብ ኮምፕዩተር ንዚግበር ኣጠቓቕማ ሰብኣዊ-ክብሪን ምእካብ ሓበሬታ ግለሰብን
[Datainspektionen]
ኣድራሻ
Box 8114
104 20 Stockholm
+46 (0)8 657 61 00
datainspektionen@datainspektionen.se
http://www.datainspektionen.se/

- ናይ ዩሮዳክ ተቘጻጻሪን ናይ ወኪሉን/ወካሊቱን መንነት፤
ሚግራሾንስቨርከት/ቤት ስልጣን ምሕደራ ደቂ-ወጻኢ
[Migrationsverket]
ኣድራሻ
601 70 Norrköping
0771-235 235

- ናይቲ ተቘጻጻሪ ቤትጽሕፈት ዝርከበሉ ዝርዝዝ ሓበሬታታት፤
ሚግራሾንስቨርከት ኣሃዱ ምምሕዳር መንነት-ወረቐት
[Migrationsverket, ID-enheten]
Box 507
169 29 Solna
0771-235 235

- ናይቲ ከባቢ ናይ ሕቡራት ሃገራት ላዕለዋይ ኮሚሽነር ስደተኛታት (UNHCR) ቤትጽሕፈት (ኣሎ እንተኾይኑ) ዝርከበሉ ዝርዝር ሓበሬታታት፤
ናይ ሕቡራት መንግስታት ላዕለዋይ ኮሚሽን ስደተኛታት፤ ወኪል ኣብ ሰሜናዊ ኤውሮጳ [UNHCR Regional Representation for Northern Europe]
ኣድራሻ፤
Ynglingagatan 14
SE-113 47 Stockholm
Tel: 08-4574880 (Tue-Thu 9:30-12:00).
ኤሌክትሮኒክ ኣድራሻ: swest@unhcr.org

ናይ ሕቡራት መንግስታት ላዕለዋይ ኮሚሽን ስደተኛታት፤ ሓደ ክፋል ናይቲ ኣብ ሃገር ሽወደን ዚካየድ መስርሕ ምቕባል ስደተኛታት ኣይኮነን። ስለዚ ድማ ዝኾነ ኣሉታዊ ውሳኔታት ንምቕያር ወይ ናይ ምጥራዝ ውሳኔ ወይ ናይ ምትሕልላፍ ውሳኔ ጠጠው ንምባል ኣይክእልን እዩ። ናይ ሕቡራት መንግስታት ላዕለዋይ ኮሚሽን ስደተኛታት፤ ንናይ ውልቀ-ጉዳያት ሕጋዊ ምኽሪ ክህበሉ ውን ኣይክእልን እዩ። ናይ ሕቡራት መንግስታት ላዕለዋይ ኮሚሽን ስደተኛታት፤ እንታይ ክገብር ከምዚኽእል ብዝበለጸ ሓበሬታ፤ ኣብ ናይ ኢንተርነት ኣድራሻና፤ http://www.unhcr-northerneurope.org/resource-centre/for-refugees-asylum-seekers-faq፤ ኣብቲ ልሙዳት ሕቶታትን መልሲን ዚብል ኣርእስቲ፤ ኣቲኻ ክተንብብ ትኽእል ኢኻ።

- ናይቶም ሕጋዊ ሓገዝ ወሃብቲ ኣካላት (legal aid providers)/ንስደተኛታት ዝሕግዙ ትካላት (refugee supporting organisations) ዝርከቡሉ ዝርዝራት ሓበሬታ፤
ብዛዕባ ናይ ጠበቓ ሓገዝ (rättshjälp) ምርካብ ንዚምልከቱ ሕቶታት፤ ምስ ሚግራሾንስቨርከት ርክብ ክትገብር ትኽእል ኢኻ።

- ዓለምለኻዊ ትካል ናይ ስደት (IOM) ዝርከበሉ ዝርዝር ሓበሬታታት፡፡
ናይ ህዝቢ ካብ ቦታ ናብ ቦታ ናይ ምግዓዝ ዚምልከት ዓለም-ለኻዊ ውድብ [International Organization for Migration, IMO]
ናይዚ ውድብ እዚ ወከልቲ ኣብ ሃገር ሽወደን የሎዉን።
ንተወሳኺ ሓበሬታ ኣብ ናይ ኢንተርነት ኣድራሻ www.iom.int ኣቲኻ ክትርኢ ትኽእል ኢኻ።

BZ-01-14-065-TI-C

doi:10.2847/18235

ISBN 978-92-9243-138-9

European Commission

Publications Office